

# ኣሰይ! ኣሰይ! ኮይኑ ተሓምበለ
# ይብሃል ኣሎ እንኳዕ ተጋደለ

ትዝክሩዶ ኣብ ግዜ መግዛእቲ
ጸሎት ክግበር ለይቲ ምስ መዓልቲ
ወፈሮም ከኣትዉ ምራታት ተጋደልቲ
ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ዝተዓጠቖሉ
ዓብይ ምስ ንኡሽተይ ዝተሳተፈሉ
ኩሉ ብሓባር ኡኮ'ዩ ተሰዊኢሉ
ሕዝብና ዝብላ ዝነበረ
ሕጂ ምልስ ኢለ ኣንተዘኪረ
ነቲ ኹሉ ጸገመ መረረ
መን ዘይለመነ ንሉዕል ፈጣሪ
ክሓጽር ናይ መግዛእቲ ዕምሪ
መን ዘይበለ ዋላ ንሓንቲ መዓልቲ
ነጻነት ክሪኢ ቅድሚ ሞት መቕዘፍቲ
ድሕሪ መስገደል ዓቐበት ቁልቁለት
ሳላ ተጋደልቲ ነጻነት ተረኽበት
መጀመሪያ ምዕራፍ ብኽብሪ ተዓጽወት



ዳግመ ህነጻ ምትዕሪራይ ህይወት
ካልኣይ ምዕራፍ'ዩ ክመጽእ ቅሳነት
ሃገር እንተላ'ዩ ምዕበለ ዝርከብ
ሃገር እንተላ'ዩ ምህርቲ ዝእከብ
ሃገር ክትህሉ ነጻነት ይተዓቀብ
ነጻነት ክትዕቀብ ገድሊ ሓቲቱና
ተጻብኦ ስለዝሓየለ ግዜ በልዑልና
ሕጂ ግን እንሆ ንውዑ ዓጺና
ናብ ሳልሳይ ምዕራፍ ንኣቱ ኣሎና
ንኹሉ ንርኣዮ በብመድረኹ
ገረብ ኣይጥጥዕን'ዩ ስሩ እንተቦኾብኹ
ዘይሽሙ እንተሂብናዮ ናይ ገድሊ ታሪኽና
ብርዕና ዘስፍሮ ሕማቕ እንተጽሕፍና
ናይ ባህ ኣይበሎ እንተተዛሪብና
ታሪኽ ኣይምሕርን'ዩ ኢና ተባሂልና
መዓልቲ ኣለዎ ታሪኽ ክፈርደና
እንሆ ኡኳ ግዚኡ ኣኺሉ
ኣብ ሓድሽ ምዕራፍ ንኣቱ ኣሎና ተባሂሉ
ኣሰይ! ኣሳይ! ኮይኑ ተሓምበለ
ይብሃል ኣሎ እንኳዕ ተጋደለ



ኣገናዕ ንበሎ ዘበራበረና
ብዜማኡ ጌሩ እንኳዕ ተጋደለ ዝበለና
ተዳሂልና ዝነበርና ብሰንኪ ጽዩፋት
ኣብ ፈቖዶ ኢንተርነት ኣብ ፈቖዶ ፓልቶካት
ዘይሸሞም ክህብዎም ንኽቡራት ስዉኣት
ኣሰይ! ኣሳይ! ኮይኑ ተሓምበለ
ይብሃል ኣሎ እንኳዕ ተጋደለ

እንኳዕ ተጋደለ
ተገጥመ ብእንጂነር ተስፋሚካኤል ዮሃንስ
ኦስሎ ኖርወይ
24 መጋቢት 2018

FOR MORE INFORMATION CONTACT: CONTACT NAME @ TELEPHONE